ማሕበራዊ ረድኤት ትግራይ /ማረት/ ነዞም ዝስዕቡ ናይ ማይ መሐከሚ ኪኒናን ሳሙናን (Aqua tab & Muli Purpose Soap) ብጨረታ አወዳዲራ ንምዕዳግ ትደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 20, 2016 (ልዕሊ 3 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 6, 2016 5:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 7, 2016 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/

ስለዚ ኣብቲ ዘርፊ ዝተመዝገብኩም ክትጫረቱ እትደልዩ ተጫረቲ በዚ ቀፂሉ ተዘርዚሩ ዘሎ መሰረት ክትወዳደሩ እትኽእሉ ምኻንኹም ንሕብር።

1. ናይ 2015 ዓ.ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ተጫረቲ ካብ ቢሮ ቁፅሪ 607 /100.00/ ቅርሺ ከፊሎም ናይ ጨረታ ዶክመንት ክውስዱ ይኽእሉ።

2. ተጫረቲ ንግዲ ፍቓድ ዝተመዝገብለ ናይ ቫት ሴርቲፍኬትን፣ ቁፅሪ፣ መቅረባይነት ዝተመዝገብኩም ምካንኩም መረጋገፂ ሙሉእ ደኩመት ከቕርቡ ኣለዎም።

3. ተጫረቲ ካብ ዘቕረብዎ ጠቕላላ ዋጋ 2% ክልተ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሕጋዊነቱ ካብ ብዝተረጋገፀ ሲፒኦ ጥራሕ ከትሕዙ ኣለዎም።

4. ተጫረቲ ዝጫረተሉ ሰነድ ብዝተኣሸገ ፖስታ እዚ ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ማለት 20/02/2016 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ 06/03/2016 ዓ.ም እዮ :: ዝዕፀወሉ ሰዓት ድማ ሓሙሽተ /5፡00/ ናይ ንጉሆ ይከውን :: ስለዚ ናብ ማረት ቤት ፅሕፈት ኩሉ ጊዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት እናመፁ ሰነድ ጨረታኦም ኽቕርቡ ይኽእሉ።

5 ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት ድማ 06/03/2016 ዓ.ም ሰዓት 9፡00 ኣብ ማረት ቤት ፅሕፈት ተጫረቲ ወይከዓ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽብሉ ይክፈት። ከምኡዉን ዶክመንት እንድሕር ተማሊኡ ንከፍት ምካኑ ንሕብር ::

6 እቲ ዝተዉሃበ በዝሒ ገፅ ናይ ጨረታ ሰነድ ገንፂልካ ምትራፍ ኣይፍቀድን እቲ ዝመላእኩምዎ ጨረታ ሰነድ ቁቡል ከምዘይንገብሮ ነፍልጥ።

7 ሕድ ሕድ ገፅ ማሕተም ዕለት ፊርማን ክህልዎ አለዎ ከምኡ ድማ ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድ ዝትመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘለዎ እንተኮይኑ ተቀባልነት የብሉን።

8 ኣብቲ ጨረታ ዝተጠቀሰ ሞዴል (Specifcation) ምስራዝ ኣይካኣልን ።

9. እቲ ድርጅት ዝሓሸ አማራፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ኾነ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ

እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle